# ሰንበት ዘፍሬ 2019 ዓ.ም
# መስከረም 9 2019 ዓ.ም. (9/20/2026)

**መዝሙር፡** እኩት አንተ ወስቡሕ ስምከ ወዓቢይ ኀይልከ...ኦ ጎይታይ ንፍሬ ምድርኻ ባርኽ ብኽረምቲ ብበረኸትካ እትኽፍት ጎይታ ከማኻ ዝበለ ጻድቕን መሓርን መን አሎ? እታ ጠምያ ነራ ዝጸገበት ነፍሲ ካብ ሞት ድኂና ትባርኸካ አላ፥ አብ ሰማይ እትቕመጥን ብትሑታት እትባረኽን ምስጉን ንስኻ ኢኻ። ስምካ ንኡድ ክእለትካ ድማ ዓቢይ እዩ። ንስኻ ኢኻ ንሰንበት ዕረፍቲ ገርካ ዝሰራዕካን ንኹሉ ዘዝግብኦ ምግቢ ዝሃብካዮን።

**ንባባት፡** ዕብ 12፡5-13 ፥ ያዕ. 5፡1-10፥ ግ.ሓ.19፡21-40፥ ሉቃ 13:22-30.

**ምስባክ፡** ምድርኒ ወሃበት ፍሬሃ፥ ወይባርከነ እግዚአብሔር አምላክነ፥ወይባርከነ እግኢአብሔር።ምድሪ ፍሬአ ትህብ፥እግዚአብሔር አምላኽና ይባርኽና፥ እግዚአብሔር ክባርኽና እዩ።መዝ. 85፡12።

ዘሎናዮ እዋን እዋን ፍረ እዩ። ሓረስታይ ዘራእቱ ፈርዩ አብ ምሉእ ምትእምማን ናይ ዓመት ቀለቡ ዘረጋግጸሉ እዋን እዩ። እዚ አብ መንፈሳዊ ቀለብና ክንቅርብ የተሓሳስበና። ነዚ ዓመት ከመይ ገረ እጅምሮ አሎኹ ኢልና ሕይወትና ብመንፈሳዊ ስንቂ አስኒቕናዶ ንጅምሮ አሎና ክንብል ግቡእ እዩ። ከም ሰባት መጠን ስንቂ ከይውሕደና ክንርኢ የድልየና እዩ። ጉዕዞና ዕዉት ክኸውን ብመንፈሳዊ ሕይወትና ዝሰነቕና ክንከውን የድልየና።

ናይ ሎሚ ወንጌል ንምቾት ንጣዕሚ አወጊድና አብ መገዲ አምላኽ ክንህሉ የዘኻኽረና። በታ ጸባብ አፍደገ ንምእታው ተጋደሉ ይብለና። ጉዕዞ ሰማይ ከዝንጋዕ ዘይብሉ ጉዳይ እዩ። ጉዳይ ድሕነትና ኩሉ ጊዜ ሓለዋ የድልዮ።

አብ ሓደ ዝንገር ታሪኽ ሰለስተ ሰባት ዝተፈላለየ እምነት ዝኽተሉ ብዛዕባ ሃይማኖቶም ክትዕ አልዒሎም። ሰለስቲኦም ሓረስቶስ ጥጡጥ እዮም ነሮም። አብ ክትዖም ናትና እዩ እቲ ሓቂ ናትና እባ እናበሎ አብ ርሱን ክትዕ አትዮም። አብ ጥቕኦም ሓደ ሽማግለ ንኽትዖም ሱቕ ኢሉ ይሰምዕ ነሩ። አብቲ ሽማግለ ቅርብ ኢሎም መንዩ ካባና ሓቂ ዘሎ ኢሎም ሓቲቶሞ ብኻልእ አዘራርባ አየናይ እምነት እዩ እቲ ሓቂ ሒዙ ዘሎ እናበሉ ሓቲቶሞ።

እቲ ሽማግለ ህድእ ኢሉ እናአስተንፈሰ ከምዚ እናበለ ክምልስ ጀሚሩ። ብምሳሌ ገሩ ምስቲ ስርሖም ዝመሳሰል ምስላ አምጺእሎም። ካብዚ ክሳብ እቲ ናይ ጡጥ መኻዚኖ ሰለስተ መገዲ አለዋ። ሓንቲ በዚ ጎቦ ደይብካ ብቐጥታ አብቲ መኻዚኖ ክትከይድ ትኽእል ሓጻር እያ እንተ ኾነ ዓቐብ ስለ ዝኾነ ብርቱዕ ድኻም ዘድልዮ እዩ። ብምስራቕ ወገን ናይ እዚ ጎቦ ገርካ ክትከይድ ትኽእል እቲ መገዲ ብዙሕ ነውሕ አይኮነን እንተኾነ ከርፋሕን ዘይጽቡቕን ክትከዶ ዘይጥዑም እዩ። ሳልሳይ ብወገን ምዕራብ ናይ እቲ ጎቦ ክትከይድ ትኽእል ነውሕ መገዲ ግን ዝቐለለ መገዲ ክትከይድ ትኽእል።

እንተኾነ ኢሉ አብ ዓዓይኖም እና ጠመተ አብቲ መኻዚኖ ምስ በጻሕካ እቲ ዋርድያ ከመይ ገርካ ከም ዝመጻእካ ወይ በየና መገዲ ከም ዝመጻእካ አይኮነን ዝሓተካ። ዓርከይ ክሳብ ክንደናይ ጽቡቕ እዩ እዚ ጡጥካ ኢሉ እዩ ዝሓተካ እናበለ አብ ሕይወት አገዳሲ ሕይወትና እንታይ ዓይነት ሕይወት ከም እንምርሕ እምበር አነ ከምዚ እዩ እምነተይ እናበልካ ምጅሃር አብ ሓቂ ከም እንነብር አይገብረናን እዩ እናበለ ሃናጺ መልሲ ሂብዎም።

**አብ ኢሳይስ 66፡18-21** ድሕነት አምላኽ ንኹሎም መንግስታት ዓለም ከም ዝኾነ ንሕና ሰበኽቱ ከም ዝኾና ንኹሎም ደቂ ሰብ አብ መንግስቲ አምላኽ እንዕድም ከም ዝኾና ይነግረና። አብ መልእኽቲ ዕብራውያን ዘንበብናያ ወላ እውን አብ ጊዜ መቕጻዕቲ አምላኽ ንምሕረትና ኢሉ ከም ዝሰደለና ክንርዳእ ይምዕደና። ከምቲ ፈቃር አቦ ንውላዱ ከምህሮ ኢሉ ዝቐጽዖ ከምኡ አምላኽ ካብ ክፉእ ክመልሰና ኢሉ ክቐጽዓና ይክአል። አብ ናይ ሎሚ ወንጌል ጉዳይ ድሕነት ቀሊል ከም ዘይኮነ ብዘይ ቅኑዕ ነገራት ከይንታለል የጠንቅቐና። ድሕነት ንኹሉ እዩ እንተኾነ ብርቱዕ ሥራሕ ምስ ጸጋ አምላኽ ዕለት ዕለት ካሳብ መዓልቲ ሞትና ምትሕብባር ይሓትት። አብኡ እንከሎ ብቐሊል ሸለል ክንብሎ አይግባእን። ጉዳይ ድሕነትና ተልእኮን ዓቢ መዝነትን እዩ።

ናይ ሎሚ ወንጌል ትርጉም ጉዕዞ ንኢየሩሳሌምን ዘስዕቦ ሓባራዊ ድሕነትን ይገልጸልና።

1. **ጎይታ እቶም ዝድሕኑስ ውሑዳት ድዮም፡** ኢየሱስ ምስ አርድእቱ ንኢየሩሳሌም ገጹ እናኸደ እንከሎ ሓደ ሰብ ዝሓተቶ እዩ። አገዳስን ዓቢ ሕቶን እዩ። አብ ጊዜ ኢየሱስ ብዙሓት አይሁድ ንሶም ጥራሕ ህዝበ እግዚአብሔር ንሶም ጥራሕ ሕሩያት ህዝበ አምላኽ ምኺኖም ይሓስቡ ነሮም። ብርድኢቶም አረማውያንን ዘይአመንትን ኩሎም ንሕጊ ሙሴ ዘየኽብሩ ኩሎም ዘይድሕኑን ብአምላኽ ዝተነጽጉ ገሮም ይሓስብዎም ነሮም። ድሕነት ንአአቶም ጥራሕ ነቶም ሕጊ ሙሴ ዘኽብሩ ዝተሓዝኤ ገሮም ይሓስብዎ ነሮም።

ኢየሱስ ነቲ ሕቶ ቀጥታዊ መልሲ ክህቦ አይደለን። ብአንጻሩ ቅልል ዝበለ ሕቶ እናሓተተ ንስዓብቱ ብዛዕባ ድኅነት ክነግሮም ጀሚሩ። አብ ትምህርቱ ነቲ ቀንዲ ነገራት ክነግሮም ጀሚሩ። ከንደይ ከም ዝድኅኑ አገዳሲ አይኮነን። አገዳሲ ነገር አነን ንስኹምን ክንሓስበሉ ዘሎና ከመይ እንተ ገበርና ኢና እንድሕን ነዚ እዩ ኢየሱስ መልሲ ዝህበሉ።

2. **በታ ጸባብ አፍደገ ንምእታው ተጋደሉ፥** መጀመርያ አብ መንግስቲ አምላኽ ክንአቱ በታ ጸባብ አፍደገ ክንቃለስ አሎና። እታ ጸባብ አፍደገ ጉዕዝአ ብቀሊል ምስ ብዙሓት እትጉዓዛ አይኮነትን። ጸባብ ዘብላ ብዙሓተ ሰባት ከምዘይጉዓዝዋ ከስምዕ ኢሉ እዩ። ድኅነት ብግልኻ ንበይንኻ ዝርኢ ጉዳይ እዩ። ከምኡ ድኅነት ቀሊል አይኮነን፥ እትኸፍሎ ዋጋ አልኦ፥ ብቃልስን ብስቓይን እዩ ዝርከብ።

እዛ ጸባብ ማዕጾ ንኹሉ ኽፍቲ እያ እንተ ኾነ እቶም ክአትዉ ዝደልይዋ ጥራሕ እዮም ተቐባልነት ዘልኦም። መንግስቲ አምላኽ ክትመርጸ አሎካ። ናይ ድኅነት ህያብ ብምፍልላይ ዝርከብ መሰል አይኮነን። ድሕነት ንኹሉ እዩ፥ አምላኽ ከአ ኩሉ ክድሕን ድላዩ እዩ፥ እንተ ኾነ ሰማያዊ ናይ ድሕነት ፍቕሪ ግላዊ መልሲ ይሓትት።

3. **ካበይ ምኺንኩም አይፈልጠኩምን እየ፥** ካልአይ ኢየሱስ ነርድእቱ ብምሳሌ ገሩ ብዛዕባ ዝተዓጽወ ማዕጾ ተዛሪብዎም፥ ንሱ ኸአ ነቶም ንኢየሱስ ምቕባል ዝደናጎዩ እዩ ዘስምዕ። ባዕሉ ከም ዝበሎ ንአኡ ምኽታል፥ምስኡ ምሳሕ ምብላዕ፥ ክዛረብ እንከሎ ምስማዕ፥ እኹል አይኮነን። ካብኡ ንላዕሊ ክንገብሮ ዝግብአና ነገራት አሎ። ሓደ ጊዜ ንዕድመ ኢየሱስ ድሕሪ ተቐቢልና አብ ትምህርቱ ጸኒዕና ክነብር ዕለት ዕለት ክነብሮ አሎና። እቶም ብእምነት ጸኒዖም ዘይነብሩ አብ አፍደገ ክተርፉ እዮም። አብዚ ኢየሱስ ዘጠንቅቐና ዘሎ ጉዳይ ድሕነትና ብሸለልትነት ክንሕዞ ከም ዘይግባእ፥ ሓንሳብ ሒዝካዮ ዝረጋገጸ አይኮነን፥ ዕለት ዕለት ምንባሩ የድሊ። ከምቲ አይሁድ ደቂ አብርሃም ደቂ ዓበይቲ ነብያት እንዲና እናበሉ ዝአምኑ ዝነበሩ ግን ግብሮም ግብሪ አብርሃም ዘይኮነ ንሕናው እውን ብስም ተኸተልቲ ክርስቶስ ብስም ኮና ድሕነትና አይረጋገጸልናን እዩ። ክንድሕን ሕያው እምነት የድልየና።

4. **ቀዳሞት ዳኅሮት ዳኅሮት ከአ ቀዳሞት ክኾኑ እዮም፥** አብ መጨረሽታ እቶም ንርእሶም ዓበይትን ሓያላትን፥ ንኹሉ ከምድላዮም ዝገብሩን ዘንቀሳቕሱን አብ መንግስቲ አምላኽ

ክፍሊ ኣይክህልዎምን እዩ ይብለና። ብኣንጻሩ እቶም ትሑታትን ብማንም ዘይፍለጡ ክብረት ዘይብሎም ኣብ መንግስቲ ኣምላኽ ክኣትዉ እዮም። ናይ እቶም ዝደሓኑ ዝርዝር ከገርመና እዩ። ስለምንታይ ኢልና እንተ ሓተትና ምኽንያቱ መገዲ ኣምላኽ ካብ መገድና ፍሉይ ስለ ዝኾነ።

ሓደ ዝንገር ታሪኽ ኣሎ፥ ሓንቲ ሃብታም ሰበይቲ መንግስተ ሰማይ ምስ ከደት እቶም ዘመሓድሩ ንእስ ዝበለ ክትነብሮ ደስ ዘየብል ገዛ ሂቦማ ንሳ ኸኣ እዚ ድአ እንታይ ክገብሮ ኣይደልዮን እየ ካልእ ሃቡኒ ኢላቶም። ንሳቶም ከኣ ቅድሚ ኣብዚ ምምጻእኪ ዝልኣኽክልና ነዚ ጥራሕ እዩ ከስርሕ ዝኽእል ኢሎማ፥ ኣማዕድው ኣቢላ እንተ ርእየት ጽቡቕ ገዛ ርእየት እሞ እቲ ጽቡቕ ገዛ ድኣ ናይ መን እዩ እናበለት ሓቲታቶም፥ ናይ ሰራሕተኛ ጀርዲንኪ እዩ ኢሎማ፥ ከመይ ኢሉ ናተይ ሰራሕተኛ ዝነበረ ድኻ ካብ ናተይ ዝበልጽ መቐመጢ ክሰርሕ ይኽእል ኢላ ሓቲታ። ኣብዚ ዝስራሕ ገዛውቲ በቲ ካብ ምድሪ ዝልኣኽካዮ ነገራት እዩ ዝስርሑ፥ ንሕና ኣይኮናን እንመርጸሎም እዚ ንስኺ ኣብ ዓለም እንከሎኺ ጽቡቕ ገዛ ዘስርሕ ኣይለኣኽን ኢሎማ ይብሃል።

እሞ እቶም ዝድኅኑ ውሑዳት ድዮም። ኣብዚ ዓለም እንገብሮ እዩ ኣብ ሰማይ ስንቂ ዝኾነና፥ ኣብዚ ዘንጊዕና ናይ ሥጋ ነገር ጥራሕ ክንሓስብን ክንገብርን እንከሎና ንመጻኢ ሕይወትና ከይሓሰብና እንተ ነበርና ኣብ ሰማይ ጽቡቕ ቤት ክህልወና ኣይ ክእልን እዩ። ጊዜ ከሎካ ጊዜ ኣይትጸበ እዩ ነገሩ። ሎሚ ንሰማይ ዘእቱ ነገር ኣብ ምግባር ንጸመድ ሽው ኣምላኽ ኣታ እሙን ወደይ/ጓለይ ክጽበየካዶ መጺእካለይ ክብለና እዩ።

**እግዚኣብሔር ነቶም ዘፍቅሮም ይቐጽዖም።**

ኣብ መልእኽቲ ዕብራውያን ንሎሚ ዝተነበት ንዘመናት ዝኸደ ሕቶ የቕርብ። ስለምንታይ እዩ ንጥዑያት ብሩኻት ሰባት ሕማቕ ነገር ዝገጥሞም። ኣብ ሰባት ዝወርድ ባህርያውን ኩሉ እንርእዮ ስቓያትን መግለጺ ክንህበሉ ኣይንኽእልን ኢና። ንኣብነት ምዕልቕላቕ፥ ሓዊ፥ ምንድቕዳቕ ምድሪ። ገለ ሰባት ጸገማት ንጠባያትና የበርትዑ ብዝያዳ ሰብ ይገብሩና ዝብሉ ኣለዉ። ከይተሳቐኻ መኽሰብ የለን ዝብሃል ኣዘራርባ ኣሎ No pain, no gain ዝበለጸ ርኢቶን ግምትን ንሃብ ስቓይ ምስጢር እዩ። ኣብ ክርስትያናዊ ባህሊ ካብ ስቓይ ዘይምህዳም ብእምነት ኣምላኽ ክትቅበሎ እንከሎኻ ምስቲ ናይ ኢየሱስ ስቓያት ክተወሃህዶ እንከሎኻ ንኻልኦት ድሕነት ዘድሕን ክኸውን ይክኣል ዝብል ኣሎ። ስለምንታይ ከምዚ ዝኸውን? ምኽንያቱ ኸኣ ኣብ እምነትና ስቓያት ኢየሱስ ንኹልና ደቂ ሰብ ድሕነትን ምሕረትን ዝምጽኣ እዩ።

ኣብ ሕይወትና ንርእስና ቀጺዕና ክነብር እንተ ኽኣልና እሞ ብእምነት እንተ ነበርና ብእምነት ንኢየሱስ ንኽተል ኣሎና ማለት እዩ። ኣብ ገለ እዋናት ንክርስትያናዊ ሕይወትና ክነብሮ ክንቃለስ ኣሎና። ኣምላኽ ንኹሉ ዝጓነፈና ጸገማት ክንዕወት ኢሉ የሰናድወና። ከም ሓላፍነት ዘለዎም ወለዲ ኣብ ገለ እዋን ኣምላኽ እውን ይቐጽዓና እዩ። እዚ መቕጻዕቲ ገለ ስቓይ ሓዘን ከውርደልና ይክኣል እንተኸኖ በቲ ዝተጓነፈና ጸገም መገዲ ኣምላኽ ኣብ ፍቕሪ ኣብ ርትዒ ኣብ ሰላም ክንምሃር ንኽእል።

ኣብዚ ዘሎናዮ እዋን ምስ ኣምላኽ ጥቡቕ ርክብ ክህልወና እሞ ጉዳይ ድሕነትና ዋሕስ ክንረኽበሉ ይግብኣና። እምነትና ክነብሮ እንከሎና ጥራሕ ኢና ክንዕወት እንኽእል። ብግዝያዊ ምቾት ዓለም ተታሊልና ንመገዲ ኣምላኽ ዘንጊዕና ከይንነብር ምስውዓል የድልየና።

ኦ ሕያዋይ ኣምላኽ ኣብ ጉዕዞ ሕይወትና ብፍላይ ኣብዛ ዓመት እዚኣ እምነተይ ክሕድስን ከጽንዕን እሞ ከምቲ ንስኻ እትደልዮ ክመርሕ ጸጋኻ ሃበኒ ኢልና ንለምኖ። ፈቃር ኣምላኽና በታ ጸባብ ዓንቀጽ ክንምለሶ እናተጸበየና እዩ እሞ ብዘይ ምውልዋል ኣብ ቤቱ ንእቶ።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ